

** ካን **

ካን ዶታ ብሓደ ኣፊቱ ጉም
ሓደ ወሲዳ ተካሊት ዓለም ሓደ ትደግም
ጓሂና ከሎ ገና ምስ ሕሩር ልብና
ሕጂ ድማ ዳግማይ እህህ ከተብልና
ዘይንጉሂ ዶ ኾን ይመስላ
የዒንትና ንብዓት ጸረር ዘየብላ
ክርሑቕና ክፍለዩና ጀጋኑ ክንስእን
ይመስላ ደኾን ዓለም ጠላም ካን ዘይንሓዝን
ዕረ ከም ዝትዕመና ክገሹ ከየዕረፉ
ሓደ ድሕሪ ሓደ ተተመራሪሖም ክሓልፉ
መጋይሽቲ ምሪጾም ናብ ስፍራ ኣናብስ
ዘይንሓዝን ዶ መሲልዋ ዓለም ጠላም ንብዓትና ዘይፈስስ
እቲ ሙቕሉል ኣያ ገድሊ ክቡር ጀነራል
ኣቦ ፍቕሪ ሞሳና ሙሳ ራብዓ   እቲ ዓቃል
ትማሊ ከም ዘይሰገረ ረመጽ ነበልባል
ኡፈይ ከይበለ ዝገሸና ኣያየ ጅግና ሓላል
ይመስላ ዶ ኾን ጸረር ቂዕ ዘይነብል





ዎየየየ እንተዘይበልና  ልብና ከም ዝስንብር
መልዓሊት ቅሙጥ  ዓለም ክንደይ ኮን ትሓስም
ሓደ ድሕሪ ሓደ ከተስዕብ ሰብ መትከል  ሃበርም
እታ ከም ስማ ጽገሬዳ
ብልጽቲ ዋዕሮ ሓየት ንሳ ውን ዶ ከይዳ
ኣንታ እንታይ ኢና ክንብል እንታይ እዩ  ጉዱ
ብርኮም ከይዓጸፉ ከይተበርዩ ሓዲጎምና ክኸዱ
ኣይፋልካን ኣያየ ሕጂ እንድዩ ተዕትፈሉ
ዝጻመኻላ ዓዲ  ራህዋኣ  ኣብ ትርእየሉ
ኣይፋልኪ ጽገየ  ሃገር ኣብ ተስተርሕወሉ
ተዘሚትና ካን ብሓደ ኣፊቱ  ብሓደ ክትነቕሉ
በሉ ምሽጥና እንዳጉሃየ ጨጓሩ ንውሽጢ
ንስለ ሕድርኹም   ንስለ እዛ  ዝሓለፍኩምላ ርስቲ
ኣብ ኣሰርኩም ረጊጽና ኣብ ልዕሊ መዕረፊም
ኣብ ማሕላና  ኣለና ከምታ ሙብጽዓኹም
ይቕሰን መቓብርኩም

ዘላለማዊ ዝከሪ ንሰማእታትና
ዓወት ንሓፋሽ
ኣሸናፊ ኣብርሃም((ኣሼ)-   ጀርመን

